# ምቑጽጻር ቓንዛ ድሕሪ ናይ ቓጸሎ መጉዳእቲ

September 2017 www.msktc.org/burn/factsheets BURN Factsheet

እዛ ናይ ሓቒ መጽሓፍ ካብ ናይ ቓጸሎ መጉዳእቲ ኣብ እትድሕነሉን እትሓዉየሉ ቓንዛኻ ብኸመይ ከም እትርዳእን እትቖጻጸርን ይገልጽ። ዝተፈላለየ ዓይነታት ናይ ቓንዛ፣ ከምኡዉን ንምዉጽኡ ዝሕግዙ ሕክምናዉን ባህርያዉን ሜላታት ይገልጽ።

## መእተዊ

ቓንዛን ዘምቹኡነትን ሕማቕ ጎኒ ናይ ቓጸሎ መጉዳእቲ ከምኡዉን ምሕዋይ እዮም። ብዙሓት ካብ ሕሙማትና ዘየቓርጽ ቓንዛ ድሕሪ ካብ ሆስፒታል ምዉጻእ ንነዊሕ ግዜ ጸገምም ኮይኑ ከም ዝቕጽል ይነግሩና።
ዘየቓርጽ ቓንዛ ኣብ ኩሉ ገጻት ናይ ሂወትካ፣ እንተላይ እዚ ዝስዕብ ክጸሉ ይኽእል:-

- ድቃስ:- ቓንዛ ድቃስ ክወስደካ ወይ ኣብ ድቃስ ክትቕጽል ኣጸጋሚ ክገብሮ ይኽእል።
- ናይ ምስራሕ ክእለትካ:- ቓንዛ ናይ ምዕያይካ ወይ ኣብ ስራሕ ናይ ምቱኳር ክእለትካ ክግድብ ይኽእል እዩ።
- ጠባይ:- ቓንዛ ጭንቐትን ዉጥረትን፣ ብፍልያ እቲ ቓንዛ ብርቱዕን ንነዊሕ ዝጸንሕ ምስ ዝኸዉን፣ ክፈጥር ይኽእል እዩ።
- ዓይነት ናይ ሂወት:- ቓንዛ ምስ እተፍቕሮም ሰባት ግዜኻ ንኸተስተማቕር ወይ ትርጉም ዘለዎም ንጥፈታት ንኽይትገብር ክግድበካ ይኽእል እዩ።
- ምሕዋይ:- ቓንዛ ካብ እኹል ድቃስ፣ ምብላዕ ወይ ምዉስዋስ ምስ ዝግድበካ ኣብ ናይ ምሕዋይ መንገዲ ክኣቱ ይኽእል እዩ።

**ቓንዛ ምስ ዝህልወካ፣ ንሓኪምካ ንገሮ።**

ክትዝክሮም ዘለካ ነገራት:-

- ናይ ቓጸሎ ቓንዛ እተሓላለኸ እዩ ከምኡዉን ዝበለጸ ሕክምና ንምርካብ ብኣቕራቢ ክንክን ጥዕናኻ ጥንቑቕ ምርመራ የድልዮ።
- ናይ ቓንዛ ምቑጽጻር ዝበዝሐ ግዜ ክልቲኡ መድሃኒት ወይ መድሃኒት-ኣልቦ ሕምክናታት ከጠቓልል ዝኽእል ከምኡዉን ምስ ሓኪምካ ዝሰርሑ ጉጅለ ናይ ጥዕና ኣቕረብቲ፣ ከም ስነ-ልቦናዉያን ወይ ኣካላዊ ሓካይም ዘሳትፍ እተፈላለየ ስነ-ፍልጠታዊ ኣቀራርባ ይሓትት እዩ።
- ክብደት ናይ ቓንዛ ናይቲ መጉዳእቲ ዓቐን ወይ ጽኑዕነት ኣይተሓሓዝን እዩ። ንኣሽቱ ቓጸሎታት ኣዝዮም ኣቐንዘዉቲ፣ ከምኡዉን ገለ ዓበይቲ ቓጸሎታት ክንዲ ኣቐንዘዉቲ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

## 1ይ ስጉምቲ:- ቓንዛኻ ምርዳእ

ኣዝዮም ዝተፈላለዩ ዓይነታት ናይ ቓጸሎ ቓንዛ ኣለዉ፣ ከምኡዉን ናይ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ቓንዛ ፍሉይ እዩ። ዓይነት፣ መጠን ከምኡዉን ግዜ ናይ ቓንዛኻ ምርዳእ ነቲ ዝበለጸ ሕክምና ንምርካብ ኣገዳሲ እዩ።

ኣቕራቢ ክንክን ጥዕናኻ ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ቓንዛ ክሓተካ እዩ:-

- ቕጽበታዊ ቓንዛ:- ናይ ሓጺር እዋን ብርቱዕ ቓንዛ ዝበዝሐ ግዜ ኣብ ከም ምቕያር መሐከሚ ወይ
- ኣካላዊ ቴራፒ ዓይነት ንጥፈት ዘጋጥም።
- ዝተፈራረቐ ቓንዛ:- ኣብ ምሉእ መዓልቲ ዝመጽእን ዝጠፍእን ቓንዛ፣ መብዛሕቲኡ ብሰንኪ ምሕዋይ ቑስሊ፣ ሕንዳለታት (ዝተጨበጡ ጭዋዳታት) ወይ ምቕያር ኣንፈት ዝመጽእ እዩ።
- ዘዕርፍ ቓንዛ:- ናይ "ድሕረ ባይታ" ቓንዛ እዉን ተባሂሉ ዝፍለጥ ዳርጋ ኩሉ ግዜ፣ ዋላ'ዉን ኣብ ዕረፍቲ ህልዉ ዝኾነ።
- ነባሪ ቓንዛ:- ቐጻሊ ቓንዛ ድሕሪ እቲ ቑስሊ ምሕዋዩ ን6 ኣዋርሕ ወይ ልዕሊኡ ዝጸንሕ።
- ኒሮፓቲክ ቓንዛ:- ቓንዛ ብሰንኪ ዕንወት ከምኡዉን/ወይ ዳግመ-ምሕዳስ (ዳግመ-ምዕባይ) ኣብ ቖርበትካ ዘለዉ መወዳእታታት ናይ መትኒ ዝኽሰት። መብዛሕቲኡ ግዜ ከም ተኳሲ፣ ኣቓጻሊ፣ ከም ዕሾኽን መርፍእን ወይ ወጋኢ ስምዒት ዘለዎ ቓንዛ ምኺኑ ይግለጽ።

እቲ Burn Model System (ስርዓት ሞዴል ቓጸሎ) ብ ሃገራዊ ትካል ስንኩላን፣ ነጻ ምንባር፣ ከምኡዉን መጽናዕቲ ተሃድሶ (National Institute of Disability, Independent Living, and Rehabilitation Research)፣ ዩናይትድ ስቴትስ ክፍሊ ጥዕና ከምኡዉን ሰብኣዊ ኣገልግሎት' ምምሕዳር ንማሕበራዊ ሂወት (U.S Department of Health and Human Services' Administration for Community Living) ዝተመወለ እዩ። (ንዝያዳ ሓበሬታhttp://www.msktc.org/burn/model-system-centers ተመልከት)።

BURN MODEL SYSTEM BMS ADVANCING RECOVERY THROUGH KNOWLEDGE

MSKTC.org SCI · TBI · BURN Model Systems Knowledge Translation Center

በዚ ዝስዕብ መንገዲ እዉን ነቲ ቓንዛ ንምግላጽ ክትሕተት ትኽእል ኢኻ፡-

- **መጠን**፡- እቲ ቓንዛ ማዕረ ክንደይ ከቢድ ምዃኑ፣ ዝበዝሐ ግዜ ካብ 0–10 መዐቐኒ፣ 0 ከም “ቓንዛ የለን” ከምኡዉን 10 ከም “ክሕሰብ ዝኽእል ዝኸፍኣ ቓንዛ” ብምኳን ይልካዕ።
- **ንዉሓት ግዜ**፡- ንኽንደይ ከም ዝጸንሐ (ንኣብነት—ሰዓታት፣ መዓልታት፣ ወዘተ.)።
- **ሰዓታት**፡- መዓስ ከም ዝገድድ (ኣብ እዋን መዓልቲ፣ምሸት፣ ወይ ኣብ ግዜ ሓደ ሓደ ንጥፈታት)።
- **ዓይነት**፡- እቲ ቓንዛ እንታይ ዓይነት ስሚዒት ከም ዘለዎ (ንኣብነት—ምንካስ፣ ቶግ ቶግ፣ ኣሕካኺ፣ ኣቐንዛዊ፣ ምትኳስ)።
- **ጽልዋ**፡- እቲ ቓንዛ ስምዒታትካ ከምኡዉን ነገራት ናይ ምስራሕ ኣቕምኻ ብኸመይ ከም ዝጸልዎ።
- **ሕኻኽ**፡- እቲ ቓንዛ ምስ ሕካኽ ዝተሓሓዝ እንተ ኾይኑ፣ እዚ እቲ ቑርበት ገና ይሓዊ ከም ዘሎ ምልክት እዩ።

ኣቕረብቲ ክንክን ጥዕናኻ ንቓንዛኻ ዝበለጸ ሕክምናታት ንኽምድቡ ዝሕግዝዎም ካልኦት ኣገደስቲ ሓበሬታ፡-

- ቕድሚ ናይ ቓጸሎ መጉዳእትኻ ምስ ቕጽበታዊ ወይ ነባሪ ቓንዛ ዘለካ ተመክሮ።
- ተመክሮኻ ምስ ዘይምድቓስ፣ ጭንቐት፣ ወይ ዉጥረት ቕድሚ ወይ ድሕሪ ናይ ቓጸሎ መጉዳእትኻ።
- ኣብ ሕሉፍ ዝወሰድካዮ ናይ ቓንዛ መድሃኒታት።
- ሓደ ሓደ ነገራት ኣብ ምግባር ቓንዛኻ ማዕረ ክንደይ ከም ዝግድበካ።
- ዝኾኑ ንጥፈታት ንቓንዛኻ ዘጋድዱ ወይ ዘማሓይሹ።

## 2ይ ስጉምቲ፡- ምሕካም ቓንዛኻ

### መድሃኒታት

- **ኦፒይትስ** ኣብ ሕክምና ዝወሃቡ ኣዝዮም ልሙዳት መድሃኒታት እዮም። ገለ ኣብነታት ከም ሞርፊን፣ ሃይድሮኮዶን፣ ሃይድሮሞርፎን፣ ከምኡዉን ፈንታናይል እዮም። ይኹን እምበር፣ ኦፒይትስ ንነባሪ ቓንዛ ትሑት ዉጽኢት ክህልዎም ይኽእል። ጎናዊ ሳዕቤናት፣ ከም ድርቐት ከምኡዉን ትሑት ስምዒት፣ ጸገም ክኾኑ እዉን ይኽእሉ እዮም። ኦፒይትስ ተወለፍቲ እዮም። ነዚ ምኽንያት፣ ሓኪምካ ኣድልዩ ኣብ ዝኾነሉ ናይ ምንስሓብ ምልክታት ንምዉጋድ ኦፒይትስ ቐስ ኢልካ ንምጉዳል ክሕግዘካ እዩ።
- **ናይ ሓኪም ትእዛዝ ዘየድልዮም** ናይ ቓንዛ መድሃኒታት ከም ኣሰታሚኖፈን ከምኡዉን ኖንስተሮይዳል ጸረ-ረኽሲ ከኒናታት (NSAIDs፥ ኣይብሮፈን ከምኡዉን ናፕሮስይን ኣብነታት እዮም) ንነዊሕ እዋን ቓንዛ ንምህዳእ ከገልግሉ ይኽእሉ። ተወለፍቲ ኣይኮኑን። እዞም መድሃኒታት ናይ ጭዋዳ ቓንዛ ንምፍዋስ ዉጺታዉያን እዮም። ኣገልግሎት ናይ NSAIDs ንናይ ነዊሕ እዋን ምቖጽጻር ቓንዛ ሓደገኛታት ጎናዉያን-ሳዕቤናት ከፈጥር ይኽእል እዩ ከምኡዉን ኣብ ትሕቲ ምክትታል ናይ ኣቕራቢ ክንክን ጥዕናኻ ክዉሰዱ ይግባእ።
- **ጸረ-ምንፍርፋር መድሃኒታት**፣ ከም ጋባፐንቲን ከምኡዉን ፐርጋባሊን፣ ኣብ ገለ ኩነታት ናይ ኒሮፓቲክ ቓንዛ ንምቑጽጻር የገልግሉ እዮም። እዞም መድሃኒታት ሰዉነት ቓንዛ ዝስምዖ መንገዲ ብምቕያር ይዓዩ።
- **ናይ ድቓስ መድሃኒታት**፡- ቓንዛ ምስ ድቓስ ይጸባእ ምስ ዝህሉ፣ ንሓኪምካ ብዛዕባ ናይ ድቓስ ጽሬት ከምኡዉን ናይ ድቓስ ዉሑሳት መድሃኒታት ኣዘራርቦ።
- **ጸረ-ጭንቐት**፡- ገለ ጸረ-ጭንቐት ንገለ ሰባት፣ ዋላ'ዉን እንተዘይተጨነቑ ካብ ቓንዛ መዕረፊ ይፈጥሩ እዮም። ጸረ-ጭንቐታት ምስ ድቓስ እዉን ክሕግዙ ይኽእሉ እዮም። ብዛዕባ ንነባሪ ቓንዛኻ መቖጻጸሪ ከም ሓደ መንገዲ ጸረ-ጭንቐታት ምፍታን ንኣቕራቢ ክንክን ጥዕናኻ ክትዛራረቦ ትኽእል ኢኻ።

### ባህርያዊ ኣቐራርባ

መድሃኒታት ምሉእ ቓንዛ ሳሕቲ እዮም ዘጥፍኡ። ቓንዛ ዝያዳ ተቖጻጻሪ ንምግባር ናይ ባህርያዊ ኣቐራርባ እዉን ክትጥቐም ከድልየካ ይኽእል እዩ። ሓደ ክኢላ ስነ-ልቦና ኣብ ምቑጽጻር ቓንዛ ተመክሮ ዘለዎ ክሕግዙ ዝኽእሉ ካብ መድሃኒት ወጻኢ ኣቐራርባታት ንምርካብ ምሳኻ ክዓዩ ይኽእል እዩ። እዚኦም ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልሉ፡-

BURN MODEL SYSTEM
BMS
ADVANCING RECOVERY THROUGH KNOWLEDGE

MSKTC.org
SCI • TBI • BURN
Model Systems Knowledge Translation Center

- **ምርግጋእ**፦ ሓደ ናይ ቓጸሎ መጉዳእቲ ኣብ ሰዉነት ኣብ ናይ ምሕዋይ ደረጃ ንሓያሎ ኣዋርሕ ዝቕጽል ጽዑቕ ወጥሪ የቐምጥ። እዚ ጭንቐት ቓንዛ ከጋድድ ዝኽእል ናይ ጭዋዳ ውጥረት ይፈጥረ።

ዘረጋግኡ ሜላታት ነቲ ኣብ ሰዉነትካ ዝወዓለ ጭንቐት ንምፉኻስ ክጠቕሙ ይኽእሉ።

- **ኣእምሮኣዊ (ሓሳባዊ) ሜላታት** ጭንቐት ንምጉዳል ሓይሊ ናይ ሓሳባትካ ይጥቐም። እዞም ሜላታት መዲቴሽን ከምኡዉን፣ ብዛዕባ ቓንዛኻ ዘለካ ኣተሓሳስባ ንኽትቕይር ዝሕግዝ ከምኡዉን እቲ ቓንዛ ጊዝያዉን ተቖጻጻርን ምዃኑ ዘረጋግጸልካ፣ "ሓሳባት ዳግመ-ህንጸት" ዝበሃል መስርሕ የጠቓልል።

- **ሶማቲካዉያን ሜላታት ምርግጋእ** ንኣብ ጭዋዳታትካ ዘሎ ወጥሪ ንምህዳእ ኣካላዊ ኣገባባት፣ ከም ዓሚቕ ምስትንፋስ፣ ዮጋ፣ ከምኡዉን ቐጻሊ ናይ ጭዋዳ ምርግጋእ ይጥቐሙ።

- **ሂፕኖሲስ** ቐጽበታዊ ከምኡዉን ነባሪ ቓንዛ ኣብ ምህዳእ ሓያል መሳርሒ ከም ዝኾነ ኣርእዩ እዩ። ሓደ ክኢላ ስነ-ልቦና ኣብ ናይ መዓልታዊ ልምድኻ ንኽተእትዎ ናይ ገዛእ-ርእስኻ ሂፕኖሲስ ብኸመይ ከም እትገብር ክምህረካ ይኽእል እዩ።

- **ኣካላዊ ንጥፈት** ቓንዛ ኣብ ምቖጽጻር ክሕግዝ ይኽእል። ዋካ'ኳ ኣብ ቓንዛ ከለኻ ኣካላዊ ንጥፈትካ ምዉሳኽ ካብ ትጽቢት ወጻኢ ክመስል እንተኽኣለ፣ ኩሉ ቓንዛ ምልክት ናይ ጉድኣት ከምኡዉን ዕረፍቲ የድልዮ ማለት ከም ዘይኮነ ምዝካር ኣገዳሲ እዩ። ዝያዳ ኣካላዊ መዳይ ንጡፋት ኣብ ዝኾናሉ፣ ዝወሓደ ቓንዛ ከም ዘለና ከምዉን ዝያዳ ክንዓዩ ከም እንኽእል መጽናዕቲ ኣርእዩ እዩ። ዶክተርካ ዉሑስ ምዃኑ ድሕሪ ምንጋሩ ምቕልጡፍ ስሩዕ ናይ ምዉስዋስ ልምዲ ክሰርዕ ኣገዳሲ እዩ። እዚ ዕዮ ይዉስኽ፣ ቓንዛ የጉድል ከምኡዉን ስምዒትካን ተኣማምነትካን የበራትዕ።

- **ምሉእነት ኣእምሮ ሜዲቴሽን** ናይ ቓንዛ ኣዝዩ ዉጺኢታዊ ሕክምና ኮይኑ የረኺቡ እዩ። እቲ ሜላ ንኽትምሃሮ ቐሊል እዩ። ኣብ ምዉስዋስ ምሉእነት ኣእምሮ ክሕግዙኻ ዝኽእሉ ፕሮግራማት ኣብ ኢንተርነት ኣለዉ፣ ምስ ኣቕራቢ ኣእሮኣዊ ጥዕና ክትሰርሕ ትኽእል ኢኻ። ንምጅማር፣ እግርኻ ምሉእ ኣብ መሬት ጌርካ ኣብ ኮብ መበሊ ኮፍ ኢልካ ከምኡዉን ብዕምቕት ኣስተንፍስ። ንዉሽጢ ከተተንፍስ እንታይ ስምዒት ከም ዘለዎ ኣስተዉዕል፣ ንደገ ከተዉጽእ እንታይ ስምዒት ከም ዘለዎ ኣስተዉዕል፣ ከምኡዉን ኣብ መንን ንዉሽጥን ንደገን ተስተንፍሰሎም ዘለዉ ጸጥ ዝበሉ ቦታ ኣስተዉዕል። እዚ እንታይ ስምዒት ከም ዘለዎ እንዳተኮርካ ትንፋስካ ክሳብ 10 ቁጸር። ሓሳባት ናብ ኣእምሮኻ ምስ ዝመጹ፣ ቐስ ኢልካ ንነኒ ድፍኣዮም ከምኡዉን ኣብ ምስትንፋስካ ምቱካር ቐጽል።

- **ፍጥነት ናይ ንጥፈታት**፦ ናይ መዓልታዊ ንጥፈታት ከምኡዉን ስሩዕ ምንቕስቓስ ሓይልኻን ሓቦኻን ንምድልዳል ከምኡዉን ምንቕስቓሳትካ ንምዉሳኽ ኣገደስቲ እዮም። ይኹን እምበር ካብ ዓቕን ንላዕሊ ንነብስኻ ምድፋእ ቓንዛኻ ከጋድድ ይኽእል እዩ።
  - ምስ ግዜ ቐስ ኢልካ ኣካላዊ ንጥፈትካ ብምዉሳኽ ነብስኻ ኣፍጥን። ድሕሪ እታ ናይ ንጥፈት ዘኣ መዓልቲ መቺእካ ንኽትቕሳቐስ ኣዚኻ ምስ እትቐስል፣ ምናልባት ነብስኻ ካብ ዓቕን ንላዕሊ ደፊእካዮ ኣለኻ።
  - ዝያዳ ምቹእነት ክሳብ ዝህልወካ ናይ ንጥፈትካ ደረጃ ከተጉድሎ ዝበለጸ እዩ። ናይ ቓጸሎ ምሕዋይ ኣቓንዛዊ ክኸዉን ስለ ዝኽእል፣ ከምኡዉን ናብ ኣቐዲሙ ዝነበረ ደረጃ ናይ ዕዮኻ ንኽትምለስ ገለ ቓንዛ ኣገዳሲ ክኸዉን ስለ ዝኽእል፣ እዚ ኣሸጋሪ ሚዛን ክኸዉን ይኽእል። ንዓኻ ብቑዕ ዝኾነ ናይ ንጥፈት መደብ ንኽትሰርዕ ምስ ናይ ኣካላዊ ከምኡዉን ናይ ስራሕ ቴራፒስትካ ብቐረባ ዕየ።

## 3ይ ስጉምቲ፦ ምዉጻእ ምስ ቓንዛ

ሰባት ንኣሸገርቲ ኩነታት ወይ ኣካላዊ ዘይምቹእነት ኣብ ምዉጻእ ዝተፈላለየ መንገድታት ኣለዎም። ናይ ምዉጻእ "ቕድኻ" ማዕረ ክንደይ ቓንዛ ከም ዝስምዓካ ወይ እቲ ቓንዛ ማዕረ ክንደይ ከም ዘሸግረካ ገጂፍ ጽልዋ ኣለዎ።

ኣብ ኣሸጋሪ ኩነታት፣ ነቲ ኩነታት ንኽቕይሮ፣ ነብሶም ንኽቕይሩ፣ ወይ "ተሰፋ ክቖርጹ" ብምምራቕ ግብረመልሲ ክህቡ ይኽእሉ። እቶም ቐዳሞት ኣማራጺታት "ቕጽበታዊ" ናይ ምዉጻእ ቕዲ ይሕሰቡ ከምኡዉን ጭንቐት ኣብ ምቖጽጻር ዝለዓለ ዉጺኢታዉያን እዮም። እቲ ሳልሳይ ኣማራጺ ኣብ ምንስሓብ ወይ ጭንቐት ይመርሕ።

መጽናዕቲ እቲ ኩነታት ማዕረ ክንደይ ኣብ ትሕቲ ቑጽጽርካ ምህላዉ ምዉሳን ቐጺልካ እቲ ግቡእ ዝኾነ ናይ ምዉጻእ ቕዲ ምምራጽ ዝበለጸ ምዃኑ ኣርእዩ እዩ። እቲ ኩነታት ካብ ቑጽጽርካ ወጻኢ ምስ ዝኸዉን፣ ብዛዕባ እትሓስቦ ነገር ምቕያር ከምኡዉን ግብረመልሲ ክትህበሉ እቲ ዝበለጸ ናይ ምዉጻእ እዩ። ሓደ ክኢላ ስነ-ልቦና እዚ ዓይነት ናይ ምዉጻእ ክእለት ንምምዕባል ምሳኻ ክሰርሕ ይኽእል እዩ።

BURN MODEL SYSTEM BMS ADVANCING RECOVERY THROUGH KNOWLEDGE

MSKTC.org SCI · TBI · BURN Model Systems Knowledge Translation Center

ኣብ ትሕቲ ቑጽጽርካ ዘለዉ ናይቲ ኩነታት መልከዕ ምርኣይ እዉን ኣገዳሲ እዩ። ንኣብነት፣ ናይ ቓጸሎ መጉዳእቲ ናብ ዘየቓርጽ ቓንዛ ዘምርሐ ከም ዝወረደካ ክትቕይሮ ዘይትኽእል ሓቒ እዩ። እቲ መጉዳእቲ ዘይምግጣሙ "ምምናይ" ከምኡዉን ኣብ "እንተታት" ምጽቓጥ ቓንዛኻ ኣይሕግዙን እዮም ከምኡዉን ናብ ዝያዳ ጽግዕተኛን ጭንቐትን ከምርሕ ይኽእል። ይኹን እምበር፣ ኣብቲ ክትቖጻጸሮ እትኽእል ክፋል ናይቲ ኩነታት ምትኳር- ከም ናይ ገዛእ ርእስኻ ተሃድሶ፣ ኣብ ኣካላዊ ቴራፒ እተሕልፎ ግዜ፣ ናይ መዓልታዊ ዝተፈላለየ ምንቅስቓስቓሳት ምግባር፣ ከምኡዉን ብዶክተርካ ሓሳብ ዝቐረበ ናይ ቓንዛ ምቁጽጻር ሜላታት ምስዓብ- ኣዝዩ ዉጺኢታዊ ናይ ምዉጻእ ሜላ ክኸዉን ይኽእል እዩ።

## ንዝያዳ ሓበሬታ

- The Phoenix Society for Burn Survivors
  http://www.phoenix-society.org/

## መወከሲታት


Wiechman Askay, S., Sharar, S., Mason, S.T, & Patterson, D. (2009) Pain, Pruritis, and Sleep Following Burn Injury. *International Journal of Psychiatry.* 21(6):522-30

Schneider, Jeffrey C. MD፤ Harris, Natalie L. RN፤ Shami, Amir El BA፤ Sheridan, Robert L. MD፤ Schulz, John T. III MD, PhD፤ Bilodeau, Mary-Liz RN, MS፤ Ryan, Colleen M. MD A Descriptive Review of Neuropathic-Like Pain After Burn Injury Journal of Burn Care & Research: ጁላይ/ኦገስት 2006 - ክፋል 27 - ጉዳይ 4 - pp 524-528

Ratcliff, S.L., Brown, A., Rosenberg, L., Rosenberg, M., Robert, R.S., Cuervo L.J., Villarreal, C., Thomas, C.R., & Meyer III, W.J. ዉጺኢታዉነት ናይ ፕሮቶኮል ናይ ቓንዛ ከምኡዉን ዉጥረት ቕጽበታዊ ናይ ህጻን ቓጸሎ ሕሙም ንምሕካም። Burns 2006፤ 32:- 554-562።


## ድርሰት


ምቁጽጻር ቓንዛ ድሕሪ ናይ ቓጸሎ መጉዳእቲ ብ Shelley A.Wiechman, PhD and Shawn T. Mason, PhD ብምትሕባር ናይ University of Washington Model Systems Knowledge Translation Center ዝማዕበለ እዩ።


## ምምሕያሽ ናይ ሓቒ ወረቐት


ምቁጽጻር ቓንዛ ድሕሪ ናይ ቓጸሎ መጉዳእቲ ብ Shelley A.Wiechman, PhD, Walter J. Meyer, M.D., Jeffrey C. Schneider, M.D., Karen Kowalske, M.D., Kathryn Epperson, BSN, RN. ዳግማይ ዝተገምገመን ዝተማሓየሸን እዩ። እቲ ገምጋምን ምምሕያሽን ቡቲ American Institutes for Research Model Systems Knowledge Translation Center (ትካል ኣመሪካ ሞዴል ስርዓት ምርምር ማእከል ትርጉም ፍልጠት) ዝተደገፈ ነበረ።


**ምንጪ:-** ትሕዝቶ ናይ ጥዕና ሓበሬታና ኣብ ክርከብ ዝኽእል ምርምር መርትዖ ዝተሞርከሰ ከምኡዉን ሓባራዊ ስምምዕ ናይ ክኢላታት ሓሳባት ናይቲ ቓጸሎ መጉዳእቲ ሞዴል ስርዓት ዳይረክተራት ዝዉክል እዩ።

**ዘይምስምማዕ:-** እዚ ሓበሬታ ምኽሪ ናይ ሰብ ሞያ ሕክምና ዝትክእ ዝዓለመ ኣይኮነን። ብዛዕባ ዉሱናት ናይ ሕክምና ሻቕሎታትካ ወይ ሕክምና ምስ ኣቕራቢ ክንክን ጥዕናኻ ክትማኸር ኣለካ። እዚ ሕትመት ብ Burn Model Systems ምስ University of Washington Model Systems Knowledge Translation Center ብምትሕብባር ብምወላ ካብቲ National Institute on Disability and Rehabilitation Research in the U.S. Department of Education፣ ናይ ፍቓድ ቑጽሪ፣ H133A060070 ዝፈረየ እዩ። ኣብ ትሕቲ እቲ American Institutes for Research Model Systems Knowledge Translation Center፣ ብምወላ ካብቲ National Institute on Disability፣ Independent Living፣ ከምኡዉን Rehabilitation Research (NIDILRR ናይ ፍቓድ ቑጽሪ 90DP0082) ዝተማሓየሸ እዩ። NIDILRR ኣብ ዉሽጢ Administration for Community Living (ACL፣ ምምሕዳር ንመነባብሮ ማሕበረሰብ)፣ Department of Health and Human Services (HHS፣ ክፍሊ ጥዕናን ሰብኣዊ ኣገልግሎታትን) ማእከል እዩ። ትሕዝቶታት ናይዛ ናይ ሓቒ ወረቐት ነቲ ፖሊስ U.S. Department of Education ወይ ነቲ U.S. Department of Health and Human Services ዝዉክል ኣይኮነን፣ ከምኡዉን ብፌደረላዊ መንግስቲ ደገፍ ክትጽበ የብልካን።


**Translation of this factsheet was supported in part by NIDILRR (National Institute on Disability, Independent Living, and Rehabilitation Research) (grant number 90DPKT0009)**



**Copyright © 2017** Model Systems Knowledge Translation Center (MSKTC). ብግቡእ ኣገባብ ብነጻ ክባዛሕን ክዝርጋሕን ይኽእል እዩ። ኣብ ክፍሊት-ዝተሞርኮሰ ነገራት ንምጥቕላል ኣቐዲሙ ፍቓድ ክርከብ ኣለዎ።